# መስራቲ ጉባኤ
# ምትእስሳር መንእሰያት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
# ጨንፈር ኤውሮጳ
# ብ7 ነሓሰ 2009 ኣብ ፍራንክፉርት ሃገረ ጀርመን ተጋቢኡ

ምትእስሳር መንእሰያት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ጨንፈር ኤውሮጳ መስራቲ ጉባኤኡ ኣብ ከተማ ፍራንክፉርት ሃገረ ጀርመን ብ7 ነሓሰ 2009 ኣካዪዱ። ተኻፈልቲ ጉባኤ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኤውሮጳ ዝመጹ መንእሰያት እዮም ነይሮም። ጉባኤ ንንድፊ ቅዋምን መደባትን ምትእስሳር መንእሰያት ብዕምቆት ተኻቲዑ ድሕሪ ምጽዳቑ፡ መሪሕነት ምትእስሳር መንእሰያት ጨንፈር ኤውሮጳ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ መሪጹ።

እቲ ብ25-30 ሓምለ 2008 እተጋብኤ መስራትን ቀዳማይን ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ንተራ መንእሰያት ንምሕያልን ንግቡእ ግዲኦም ክጻወቱ ባይታ ንምፍጣርን፡ ከምኡ'ውን መንእሰያት ኣብ መጻኢት ኤርትራ ልሉይ ተራ ክህልዎምን፡ ብፍላይ ከኣ፡ ኣብ ናይ ለውጥን ዲሞክራስን ቃልሲ ክህልዎም ንዘሎዎ ተሳትፎ ንምዕዛዝ ኣትኩሮ ከም ዝሃበሉን ነቲ ዕላማታት ኣብ ፓለቲካዊ መደብ ዕዮን ቅዋምን ሰልፊ ከም ዘስፈሮን ዝዝከር እዩ። ምትእስሳር መንእሰያት ኣካል ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ፡ ንመንእሰያት ኣባላት ሰልፊ፡ ዝጥርንፍ ምትእስሳር እዩ።

**ምትእስሳር መንእሰያት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
**ጨንፈር ኤውሮጳ**
10 ነሓሰ 2009